## መዓርገ ዲቁና

ዝሓለፈ ቀዳም 16 ሚያዝያ 2016 ዓ.ም ብማሕበራቶምን ካቶሊካዊ ተቕዋመ ፍልስፍናን ተሎግያን ንሓያሎ ዓመታት ዝተኾስኮሱ ሽዱሽተ ተመሃሮ ዘርአ ምንኩስና፡ ኣባላት ሰለስተ ማሕበራት ማለት፦

ዲያቆን ሃብተሚካኤል ዑቕባዝጊ ማኅበር ሲታውያን
ዲያቆን ምስግና በራኺ ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ
ዲያቆን ኣማኑኤል ኢዮብ ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ
ዲያቆን እምነቱ ካሕሳይ ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ
ዲያቆን ወልደኣብ ፍረ ማኅበር ፓቮኒ
ዲያቆን የማነኣብ ስልማን ማኅበር ፓቮኒ

ደቂ ማኅበርን ቤተሰብን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ብኢድ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ መዓርገ ዲቁና ተቀቢሎም።

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ንዲያቆናት ኩሉ ጸሎታት ኣብጺሖም፡ ሥርዓተ ሢመተ ዲቁና ምስ ፈጸሙሎም፡ ካብ ወንጌል ማቴዎስ "እንሆ ኣነ ከም ኣባጊዕ ናብ ማእከል ተኵሉ እሰደኩም ኣለኹ። ደጊም ብልህታት ከም ተመን ገርህታት ከም ርግቢ ኹኑ" ዝብል ክፋል ጠቒሶም፡ ‘ኣምላኽ ንቤተክርስትያን ብዘይ ካህናትን ዲያቆናትን ስለዘይሓድጋ’ ሎሚ’ውን ሽዱሽተ ዲያቆናት ስለዝሃበና ነመስግኖ። ዲቁና "ኣገልግሎት"፡ ዲያቆን ከኣ "ኣገልጋሊ" ማለት ኢዩ። ካብዚ ዝጠቐስናዮ ወንጌል ከኣ ክልተ ነጥቢ ኢና ንመሃር፡ እቲ ቀዳማይ ንክርስቶስ ምኽታል ቀሊል ከምዘይኮነ፡ መስቀል፡ ትብዓት፡ ቆራጽነት፡ ለጋስነት፡ ብዙሕ ፈተና፡ ብዙሕ ዓቀበ-ቁልቁለት ምሕላፍ፡ ተጋድሎ፡ ትሕትና፡ እምነት ይሓትት። ክርስቶስ እቲ መንገዲ ቀሊል ኢዩ ኣይበለናን፡ እቲ ሓቂ ኣጻዕድዩ ነጊሩና ኢዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ "ኣይትፍርሑ" ዝብል ዘተባብዕ ቃል ይህበና። ጸዋዕታ ከቢድ እኳ እንተኾነ ብሓይሊ ክርስቶስ ግና ኩሉ ይከኣል’ዩ።

ኣብ’ዚ ዓመት ኢዮቤል ምሕረት ኣሰር፡ መሓሪ፡ ለዋህ፡ ሕያዋይ ጓሳ ክርስቶስ ተኸቲልኩም ንድኻታት፡ ንሕሙማት፡ ሽማግለታት፡ ሕጻናትን ፍሉይ ዓይኒ ክህልወኩም፡ ቃል ኣምላኽ ከተበስሩ፡ ትምህርተ ክርስቶስ ክትምህሩ ናይ ምሕረት ስራሓት ክትፍጽሙ ኢኹም ትጽውዑ ዘለኹም እንክብልዎም፡ ንወለድን ማሕበራቶምን ከኣ እንቋዕ ሓጐሰኩም ኢሎም።

### ዓውደ መጽናዕቲ ንመንእሰያት - ብልሽውናን ካቶሊካዊ ሕልናን

ኣተግባሪ 2ይ ሰበኻዊ ሲኖዶስ ኤጳርቅና ኣሥመራ ዘሰናደዎ ከም ኣካል ናይ ትግባረ መደባቱ፡ ዝሓለፈ ቀዳም 16 ሚያዝያ 2016 ዓ.ም ‘ስልጠና ንኣሰልጠንቲ’ ኣብ ዚብል መደብ "ብልሽውናን ካቶሊካዊ ሕልናን" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ካብ መላእ ርእሰ ኤጳርቅና ተወኪሎም ዝመጹ መንእሰያት ብኣባ ክፍለየሱስ ገ/ሥላሴ ዘማኅበረ ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ። እዚ ኣርእስቲ ካብቲ ‘ገጽ ምሕረት ኣምላኽ’ ዝብል መልእኽቲ ር.ሊ.ጳ ኣባ ፍራንቸስኮስ ዝተበገሰ ኾይኑ፡ ኣባ ክፍለኢየሱስ ኣብ ኣስተምህሮኦም ብልሽውና እንታይ ኢዩ? ህሉው ኩነታት ከመይ ይመስል? ቅዱስ መጽሓፍን ትምህርተ ቤተክርስትያንን ብዛዕባ ብልሽውና እንታይ ይብል?። ካቶሊካውያን መንእሰያት ንካቶሊካዊ ሕልናኦም ከመይ ቢሎም ይሕልውን ካብ ብልሽውና ይርሕቁን ብሰፊሑ ገሊጾምሎም። ካብ መንእሰያት ንዝቀረቡሎም ዝተፈላለየ ሓያሎ ሕቶታት’ውን ብዘዕግብ ኣገባብ መሊሽምሎም።

ይትባረክ ኢየሱስ ክርስቶስ-
ግርማይ ኣስፍሃ